ማእኸል ተሃድሶ ሰራዊት ትግራይ መለስ ካምፓስ ውጉኣት ተጋደልቲ ንምግብነት ግልጋሎት ዝውዕል ፀባን እንቋቁሖን ብግልጺ ጨረታ ኣጫሪቱ ክዕድግ ይደሊ።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ መስከረም 10, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓሙስ መስከረም 23, 2017 02:30 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:50,000
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:150
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓሙስ መስከረም 23, 2017 03:00 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ኣቅርቦት ምግቢ /

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ማእኸል ተሃድሶ ሰራዊት ትግራይ መለስ ካምፓስ ውጉኣት ተጋደልቲ ንምግብነት ግልጋሎት ዝውዕል ፀባን እንቋቁሖን ብግልጺ ጨረታ ኣጫሪቱ ክዕድግ ይደሊ። በዚ መሰረት እዞም ዝስዕቡ ረቑሒታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ክትሳተፉ ይዕድም።

1) ተጫረቲ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎምን ኣድላዪ ዘበለ ዶክሜንትን ምስቲ ሰነድ ፎቶ ኮፒ ኣተሓሒዞም ከቕርቡ ይግባእ።

2) ተጫረቲ ኣብ ዘእተውዎ ሰነድ ብዘይ ስርዝ ድልዝ ኑጹር ዋጋ መሊኦምን ፈሪሞምን ብዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ከረክቡ ይግባእ።

3) ተጫረቲ ብማ/ተ/ሰ ትግራይ መለስ ካምፓስ ብዝተዳለወ መምልኢ ዋጋ ኣብ ባዕሉ መሊእኹም ካብ ዕለት 09/01/2017 ዓ/ም ጀሚርኩም ክሳብ ዕለት 23/ 01/2017 ዓ/ም ጨረታ ዝዕፀወሉ ግዜ ኣብ ዕደጋ ክፍሊ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ክተእትዉ ይግባእ።

4) ተጫረቲ ቴክኒካልን ፋይናንሻልን ስፐስፊኬሽን በቢ በይኑ ብፖስታ ዓሺጎም ከቕርቡ ይግባእ።

5) ተጫረቲ ዘቕረብዎ ዓይነት ግልጋሎት ብዝተኣዘዘ ግዘ ፣ መጠንን ፅሬትን መሰረት ክኸዉን ይግባእ።

6) ናይ እንቋቁሖ እቲ ጨረታ ተጫረትቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዘለውዎ ዕለት 23/01/2017 ዓ/ም ቴክኒካል ስፐስፊኬሽን ቅድሚ ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ 8:30 እንትኽፈት እቲ ፋይናንሻል ስፐስፊኬሽን ድማ 9:00 ሰዓት ይኽፈት።

7) ናይ ፀባ እቲ ጨረታ ተጫረትቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዘለውዎ ዕለት 23/01/2017ዓ/ም ቴክኒካል ስፐስፊኬሽን ቅድሚ ሰዓት 3:30 ተዓፅዩ 4:00 እንትኽፈት እቲ ፋይናንሻል ስፐስፊኬሽን ድማ 4:30 ሰዓት ይኽፈት።

8) ናይ ጨረታ መኽበሪ 50,000 (ሓምሳ ሽሕ) ቕርሺ ብባንኪ ዝተረጋገፀ CPO ጥራሕ ብማ/ተ/ሰ ትግራይ መለስ ካምፓስ ሽም ብዝተዓሸገ ፖስታ ከእትዉ ይግባእ።

9) ተጫረቲ ዝርዝር ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 100 (ሓደ ሚኢቲ) ቕርሺ ኣብ ናይ ትካልና ፋይናንስ ብምኽፋል እቲ ሰነድ ካብ ዕደጋ ክፍሊ ክወስዱ ይግባእ።

10) ተጫረቲ ማህተም ዘለዎ ምሉእ ኣድራሽኦምን ስልኪ ቑፅሮምን ከቐምጡ ኣለዎም።

11) ሰዓራይ ጨረታ ነቲ ዘሸነፎ ዓይነት ግልጋሎት ውዕሊ ኣሲሩ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ግልጋሎት ክጅምር ይግባእ።

12) ተጫረቲ ኣብ ኣመላልኣ ዋጋን ስፐስፊኬሽንን ንዝፈጠርዎ ጌጋ ተቐባልነት ከምዘይብሉ ፈሊጥኹም ብጥንቃቄ ክትመልኡ ይግባእ።

13) ትካልና ዘሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ ሙሉእ ብሙሉእ ኮነ ብከፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle